# <u>መግለጺ ሓዘን ብምኽንያት ሞት</u>

# ተጋዳላይ ኣብርሃም ኣንጦንዮስ

ገዲም ተጋዳላይ ኣብርሃም ኣንጦንዮስ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ዓሪፉ ብዕለት 04/11/2020 ኣብ ከተማ ሻፍሃውሰን ሃገረ ስዊስ ሓመድ ኣዳም ለቢሱ። በዚ ኣጋጣሚ ብሞት ገዲም ተጋዳላይ ኣብርሃም ኣንጦንዮስ ዝተሰማዓኒ መሪር ሓዘን ንስድራቤቱን ፈተውቱን ጽንዓት ይሃብኩም፣ መንግስተሰማያት የዋርሶ እብል።

ገዲም ተጋዳልይ ኣብርሃም እቲ ንመጀምርታ እዋን ካብ ኣስመራ ከም ናይ ከተማ ሱሩዕ ኮይኑ ኣብ ደቀምሓረ ድምበዛን ዝረኸብክዎ ተጋዳላይን፣ ኣብ ተ.ሓ.ኤ ንክስለፍ ካብ ዓቢ ጽልዋ ዝፈጠረለይ ዓቢ መራሕን ካድርን እዩ ነይሩ።

ተጋዳላይ ኣብርሃም ኣብ 1974 ኣብ ናይ ወኪ -ዛግር  ኣብ መንጎ ተ.ሓ.ኤን ህዝባዊ ሓይልታትን ዝተገብረ ናይ ዕርቂ ኣኼባ ንተ.ሓ.ኤ ወኪሉ ብሱል መግለጽታት ዝህብ ዝነበረ ዓቢ መራሒ እዩ። ብድሕሪ ናይ ወኪ ዛግር ኣኼባ ተጋዳላይ ኣብርሃም ኣብ ደቀምሓረ ኩናት ሓድሕድ ተወጊኡ ብህዝባዊ ሓይልታት ተማሪኹ። ድሕሪ ሰለተ ዓመት ማእሰርቲ ኣብ መንጎ ክልተ ውድባት ናይ ኡሱራት ምልውዋጥ ተፈቲሑ፣ ኣብ ተ.ሓ.ኤ ክሳብ መወዳእታ ሰማንያታት ኣብ ሜዳን ኣብ ወጻእን ብትግሃት ንሃገሩን ዉዱቡን ዘገልገለ እዩ

እቲ ዘገርም ግን ኩለን ውድባት ናይ ጀብሃ ንሞት ናይዚ ጅግና ኣቓልቦ ዘምሃበን ገሪሙኒ፣

ተጋዳላይ ኣብርሃም ብሰላም ዕረፍ!

ግርማይ የማነ

ርያድ ሱዑዲ ዓረብ